እንካብ ***“ግጥምታት ሃገረይ”*** ዚብሃል መጽሓፈይ እተወስደ

…’ቱ ወዳ ሓደ ግናይ
በጽሒ ግደ ዛቑናይ፤
ደቂኻ አዕይንቱ፥ ድሙ!
ገብረ-አባዲ ስሙ።
ምስ ምህረይ ተማኺርና
ሓደ ብልሓት ፈጠርና፤
“ሬሳ ዘይብሉ ቐብሪ፥
ሓመድ ዘይብሉ ምድሪ!
ጥራዩ ’ዙ ቓሬዛ፣
ከፍዶ ኽንብል አብ ገዛ?
ዝገበርኩም ግበሩ
ሓደ ብልሓት ፍጠሩ…

…ሬሳ’ሞ ኻብ ተስአነ
ወዳ ግናይ ካብ ኮነ
በአረቂ ’ሞ ነስክሮ
ደሓር ሒዝና ኽንቀብሮ፣
’ዙ ድቂኻ ርእሲ ምልቆ
ሓደራ! አይነጭንቆ…”
ኢልና ምስጢር መኺርና
ናብ አባዲ ቐሪብና፤
“…አባዲየ ንዐኒ!
በይዛኻ’ባ ይስጠሓኒ…
ባይዛአ ’ሞ ’ታ እኖኻ!
አባዲ አይትብከ፥ አይዞኻ!
ማድያት ከይወጸካ
ንዓ ተለኸ ገጽካ።
በል’ሞ አይትብከ አይዞኻ!
ንስኻ እንኳዕ ሃለኻ፥
ጓሂን ከይመርረካ
መረስዕ ሓዘን እንካ…”
ኢልና ሰብ ከይርእዮ
ሕብእ-ብእ አቢልናዮ
ሸፋፊንና ብጨርቂ፣
ጥርሙዝ ቐዲሕና አረቂ
ሃብናዮ’ሞ ብ ፍንጃል፣
ምዕጉ አበላ ዓንጃል!
’ዙ ጨጋዕ እግሩ ሞጃል
ብወረጠ ምምንጃል…
አኸቲልና ኻልአይታ
ሃብናዮ መሰነይታ።
ገብረ-አባዲ ወርቂ
ክልተ መለክያ አረቂ
ጐርዳዕን’ሞ አበለ
ሰትዩ ዓይኑ ዕንጉለ

ፍዝዝ-ዝዝ ደአ በለ፤
“ኽልተ ’ማ መባአስቲ፥
ከም ሥላሴ፥ ሣልሰይቲ፣
አማሕጺነ! ኽትሰቲ!”
ኢለ ቐዲሐ ’ብ ኢዱ
አዕተርኩዎ ’ዛ ጉዱ፥
አጐርዳዓ አንጐድጒዱ
ሳልሰይቲ ምስ ጨለጠ
አብ ባይታ ተገልበጠ።
…ተጓይና ኻብ ገዛ
አምጻእና ’ሞ ቓሬዛ
ወሲድና ዓዲ-አርባዕተ
ቀበርናዮ ’ንተይ ሞተ።

ቀባሪና ስኒና
ገዛና እንተ አተና
ጥርሙዝ አረቂ ሒዙ
አባዲ ምስ መግነዙ
አብ ባይታ ተኾዲሙ
ጸንሐና መገረሙ!
ምህረይ ግፋው ደንገጹ
መታልሕቶም ረሃጹ፤
“ንዓ! ውጻእ! ተመንጠል!
አንታ ኽፉእ መሸከል!
ወዲ ’ቱ ርጉም ዲያብሎስ!
ካበይ መጻእኻ፣ አርዮስ!
ሎምስ ሰብ ተመሲሉ
ጋንየን መጸኒ ባዕሉ፣
ከደከ ሰይጣን!…” ኢሎም
ጸፍዕዎ ብመስቀሎም።
ወደቐ! ጥቕልል በለ
አብ ባይታ ተንከብለለ…
እንደገና አልዒልና
ዓዲ-አርባዕተ ጐየና…

’ቱ ጉድጓድ ’ንተ ተኸዓተ
ምዕማቑ ትሽዓተ
እመት ምስ ስድሪ ኾነ
ዚአምን ሰብ ተስአነ
አብ ተንኮበት ድማነ
ሬሳ ዝተጐንጐነ
ጉድ ጸንሐና ድአነ!
“እዙይከ ’ባ ’ንታይ ቅጥዑ?
እንታይከ መለክዑ?
ገብረ-አባዲ ድዩ?
ነገሩ ከመይ እዩ?…”
ኢልና ’ና ተጨነቕና

እንጭብጦ ስኢንና
ፈር-ፈር! ’ና ተንቀጥቀጥና
’ቱ ተንኮበት ቀዲድና
ቀሊዕና ’ንተ ረኤና
ለብዘበን ጉድ መጸና!
ወይዘሮ ቢሰጥ ዓይና
ቋሕ ኢሉ ጠቐሰና...
ዓቕልና ጸበበና!
ቅጥዑ ዝጠፍኤ ነገር
እንታይከ ’ሞ ይግበር?

ጭራኦም ነሳኒሶም
ምህረይ ግፋው ተንፈሶም
አቕንዑ ’ሞ ’ቱ ርእሶም፤
“...ቢሰጥ አንቲ መሰሪ!
አብዙይከ እንታይ ትገብሪ?
ሬሳኺ ብምስአንና
አብ ክንደይ ጉድ አቲና!...”
ኢሎም ’ንተይወድኡ
ምህረይ ሞቶም ተረድኡ!
ንዓቐብ ተላዒላ
ካብ ’ቱ ጉድጓድ ስር ኢላ
’ኽሳዶም ተጠቕሊላ
ብጎረርኦም ሓኒቓ
እስትንፋሶም አጭኒቓ
አውደቐቶም ፈጥሪቓ!
አብ ሕቑፉ ተጠቕሊሎም
ፈንጠርጠር ’ናዕገርገሩ
ጻዕረ-ሞት ’ናተጽዓሩ
“ምሓርኒ!” ’ናበሉ
ምሒሎም ’ናጥሓሉ
ንውሽጢ አንቆልቊሎም
ብጸልማት ተኸዊሎም
ወረዱ ንሲኦሎም።...

ገ/ኢ. ጎርፉ።

**Back to Meskot**

---

***The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by** Meskot. **You may contact G.E. Gorfu for comments at** gegorfu@yahoo.com.*